# ትግራይ ኣብ ቀራና መንገዲ፡ ለውጢ ደለይቲን ኽምዘለናዮ ንኺድ ባሃልቲ ፖለቲካዊን ወታሃደራዊ መራሕቲ ትግራይ

## መእተዊ

ንኣዋርህ ዝግበር ዝጸንሐ ዝተፈላለየ ኣኼባታት ሀዚውን ይቅጽልሎ፡፡ በሓደ ገፅ ፖለቲካዊ መራሕቲ ብወገን ህወሓት ሓሙሽተ ኣባላት ዘለዋ ፈፃሚት ስራሕ ንበይና፤ ሓደ ሓደ ጊዜ ምስ ማዕኸላይ ኮሚቴ ኣባላት ትእከብ፡፡ ሓደ ሓደ ጊዜ ምስ ማዕኸላይ ኮማንድ ኣባላት (ሓሙሽቲኦም ኣባላት ፈጻሚት፤ ሌትናል ጀነራል ታደሰ ወረደን ሌትናል ጀነራል ፃድቃን ገብረትንሳይ ዘለውዎ)፤ ሓዳ ሓደ ጊዜውን ምስ ካልኦት ተወሰኽቲ ኣዘዝቲ ሰራዊት ዘለውዎ ይእኸቡ እዮም፡፡

ብግልጺን ብተዘዋዋሪን መካትዒ ዋና ዛዕባ ምስ ጊዚያዊ መንግስቲ ትግራይ ምጥያሽ  ተተሓሒዙ ብኸመይ ይኸየድ? ብኣሳታፊ መረፃ ዶ ይኹን ብሕርያ? ናይ ህወሓት ብፅሒት ኽንደይ ይኹን?   ዓብላሊ ተነኣሰ 51% ይኹን ዶ ኣይኹን? ዶ/ር ደብረፅዮን ገብረሚካኤልከም መራሒ ይቀፅል ዶ ይተካእ? ኣብ ዝብል ዝሽክርከር እዩ ከም ፍልፍላት ዩኤምዲ ሚዲያ፡፡

ሌትናል ጀነራል ታደሰ ወረደ ዝመርሖ 9 ኣባላት ዘለውዋ ኮሚቴ ብዶ/ር ደብረፅዮን ገብረሚካኤል ምስጣየሸት እውን እቲ ኣኼባታት ይቅጽል ኣሎ እዩ፡፡ እታ ኮሚቴ ምጣያሻ ንሌተናል ጀነራል ፃድቃን ሓዊሱ ወታሃደራዊን ፖለቲካዊ መራሕቲ ከምሓገሮም ዳሓር እዮም ሰሚኦም፡፡ እታ ኮሚቴውን ምስ ዝተፈላለዩ ክፋላት ማኅበረሰብ ኣብ ትግራይን ወፃኢ ዓዲን ኣኼባታት ትገብር ኣላ፡፡ ካብ  ኣጠያይሽኣ ጀሚሩ ንዝልዓል ዝተደጋገመ ናይ ቅቡልነት ሕቶው ዋላ እንተሃለየ እታ ኮሚቴ ስራሓ ኽትቅፅል ተገይሩ ኣሎ፡፡

ዩኤምዲ ሚዲያ ብትረት እትኣምነሉ ምስ ረብሓ ህዝቢ ዝተሓሓዙ ውሳነታት ምስ ተወሰኑ ጥራሕ ተይኮነስ ቅድሚ ምውሳኖም እውን መን ብኸመይ እንታይ ወሲኑ/ኑ ኣብ ዝብል ህዝቢ ናይ ምፍላጥ መሰል ስለዘለዎ ጥራሕ ተይኾነስ ቀዲሙ ተፈሊጡ ምስ ረብሕኡ ዝሳነ ውሳነ ንኽውሰን ድፍ ኢት ናይ ምግባር ዕድል ይሕልዎ እዩ ብዝብል ተሪር እምነት ናይ ውሽጢን ናይ ደገን ፍልፍላት ኣዘራሪባ በቢኣኼብኡ ዋላ ዝለዋወጥ ተኾነ ህዝቢ ኣይኖም ናይ ፖለቲካን ወታሃደራዊ መራሕቲ ምስ ምጥያሽ ጊዚያዊ መንግስቲ ተተሓሒዙ ኽግበር ትፅቢት ዝግበረሉ ናይ ኣመራርሓ ለውጢ  ኣብ ዝምልከት  ኣብ ዕለት ለካቲት 14 2015 እንታይ ቅዋም ኣለዎም ኣብ ዝብል ሕቶ ዝስዕብ ፀብፃብ ኣቅሪባ ኣላ፡፡

## ሜላን ፍልፍላትን

ዩኤምዲ ሚዲያ ነዚ ፀብፃብ ኽትሰርሕ ከላ ነቶም ኣባላት ፖለቲካዊን ወታሃደራዊ መራህቲን ቅዋሞም ዝምልከት ካብ  ፈላጢ ውሽጢ (ዋና ፍልፍል) ዝርዝር  ሓበሬታ በፂሒዋ እዩ (እቲ ምሉእ ሓበሬታ ኣብ ጥብቆ 1 ይርከብ)፡፡ ዝተፈለየ ሓበሬታ ንምርካብ ዝተፈላለዩ ኽፈልጡ ዝኽእሉ ዝበለቶም ኣብ ፖለቲካዊ ይኹን ኣብ ወታሃደራዊ መሪሕነት ዘየለዉ ኣብ ዓዲን ደገን ዝርከቡ 10 ሰባት ንምዝራብ ፈቲና እያ፡፡ ብተወሳኺ ካብ ፈጻሚትን ካብ ማዕኸላይ ኮሚቴውን ኽምኡ፡፡ ንቶም ዝመለሱ ኽልተ ሰባት ኽም ካልኣይን ሳልሳይን ፍልፍል ጠቂሳቶም ኣላ፡፡ ናይ ኽልተ ተንተንቲው ሓሳብውን ኽም መጠቃለሊ ተጠቂማ ኣላ፡፡ ዩኤምዲ ሚዲያ  ዘዛረበቶም ዝተወሰኑ ፍልፍላት ካብቶም ኣመራርሓ ምንም ዓይነት ለውጢ ዝደሊ የለን ኹሎም ጥቅሞም ኽይትንድሎም  እዩም ዝቃለሱ ዘለዎ ኣብ ቀረባ ኣብዝነበርክዎ ኣኼባ ዝተረዳእኽዎ ዝበለናው ኣሎ፡፡ ንኹሎም ፍልፍላታ ብዝኣተወትሎም ቃል መሰረት ስሞም ኣይኽትቀሱይ፡፡

## ቅዋም ኣባላት ፈጻሚት ስራሕ ህወሓት

ኽም ዋና ፍልፍል ዩኤምዲ ሚዲያ ተኾይኑ ካብ ሓሙሽተ ፈጻሚት ህወሓት (ዶ/ር ደብረጸዮን ገብረሚካኤል፤ ወ/ሮ ፈትለወርቅ ገብረእግዚኣብሄር፤ ኣይተ ጌታቸው ረዳ፤ ኣይተ ኣለም ገብረዋህድ፤ ኣይተ ጌታቸው ኣሰፋ) ኩሎም በዘለናዮ ንኺድ ህወሓት ብትዕብልሎን ብትመርሖን ኢና ንኸድ፤ ህወሓት ተነኣሰ 51% ሒዛ ብዶ/ር ደብረፅዮን ገብረሚካኤል ዝምራሕ ክኾን ኣለዎ እቲ ዝጣየሽ መንግስቲ ዝብሎ እዮም፡፡

ኽም ኻልኣይ ፍልፍልና ድማ ኣይተ ጌታቸው ረዳ ደላዪ ለውጢ እዩ፡፡ እቶም ዝተረፉ ግን በዘለናዮ ንኺድ እዩ ቅዋሞም፡፡

ሳልሳይ ፍልፍልና’ውን ኣብ ናይ ኣይተ ጌታቸው ረዳ ቅዋም ምስ ኻልኣይ ፍልፍልና ይስማማእ እዩ፡፡ ወሲኹ ድማ ኣይተ ኣለም ገብረዋህድ፣ ወ/ሮ ፈትለወርቅ ገብረእግዚኣብሄርን ኣይተ ጌታቸው ኣሰፋን ውድብና ተካሒዳ ዝብል ቅዋም ኽምዝሃዙ፤ ዶ/ር ደብረፅዮን ገብረሚካኤል ድማ ሓደ ግዜ ለውጢ የድሊ እዩ ይብሉ ‘ካብ ስልጣን ውረዱ’ ክበሃሉ ከለዉ ድማ ምስ በዓል ኣይተ

ኣለም ገብረዋህድ ይኾኑ ኢሉ። “በዓል ኣይተ ኣለም ገብረዋህድ’ውን ተቀባልነት ስለዘየብሎም ብናይ ዶ/ር ደብረፅዮን ገብረሚካኤል ተቀባልነት ክሕብኡ ደልዮም ይሓውስዎ እዮም ዘለዉ”።

## ቅዋም ኣባላት ማእኸላይ ኮሚቴ ህወሓት

እኒ ዶ/ር ደብረፅዮን ገብረሚካኤል ምስ ማእኸላይ ኮሚቴ ኣባላት ኣብ ዝገብረዎ ኣኼባ ብተደጋጋሚ ዘቅረብዎ ናይ ህወሓት ዓብላሊነት ዘረጋግጽ ሓሳባት ብተደጋጋሚ ኽምዝተነፀገ ኣብ ዩኤምዲ ሚዲያ ምስ ጋዜጠኛ ጌታቸው ኣረጋዊን መርስኤ ኣብ ቀረባ ኣብ ዝገበሮ ዘተ ዝተሓበረ እዩ፡፡

ኽም ዋና ፍልፍልና ሓበሬታ ተኾይኑ ኣብ ስራሕ ኻብዘለዉ ኣባላት ማእኸላይ ኮሚቴ ተነኣሰ 15 ዝኾኑ ደልይቲ ለውጢ እዮም፡፡ እሳቶም እውን፡ ኣይተ በየነ ምክሩ፡ ወ/ሮ ዘነበች ፍስሓ፡ ኣይተ ብርሃነ ገብረየሱስ፡ ዶ/ር ኣትንኩት መዝገቦ፡ ኣይተ ነጋ ኣሰፋ፡ ዶ/ር ኢያሱ ኣብርሃ፡ ኣይተ ኣማኑኤል ኣሰፋ፡ ዶ/ር ኣማኑኤል ሃይሌ፡ ወ/ሮ ሰብለ ካሕሳይ፡ ኣይተ ሃፍተኪሮስ ገብረማርያም፡ ኣይተ ሩፋኤል ሽፋረ፡ ዶ/ር ኪሮስ ጉዑሽ፡ ኢንጂነር ኣርኣያ ግርማይ፡ ኣይተ ሰለሞን መዓሾ፡ ኣይተ ኢሳይያስ ታደሰ እዮም፡፡ ካብቶም ብዘለናዮ ንቀፅል ባሃልቲ ዶ/ር ሓጎስ ጎደፋይ፤ ፕሮፌሰር ክንደያ ገብረሂወት፤ ረዳኢ ሓለፎም፤ ወ/ሮ ያለም ፀጋይ፤ ወ/ሮ ሊያ ካሳ ይርከቡ፡፡

ንሳልሳይ ፍልፍል ዩኤምዲ ሚዲያ ዶ/ር ሓጎስ ጎደፋይ፤ ፕሮፌሰር ክንደያ ገብረሂወት፤ ኣይተ ረዳኢ ሓለፎም፤ ዶ/ር ኣትንኩት መዝገቦ፤ ኣይተ ነጋ ኣሰፋ፣ ኣይተ በየነ መከሩ፣ ዝርከብዎም ለውጢ ይደልዩ። ኣብ ማእኸላይ ኮሚቴ ‘ናይ ህወሓት ፈፃሚ ስራሕ ምምራሕ ኣይከኣልን ይውረድ’ ዝብሉ ቁፅሮም ይበዝሑ። መሪሕነት ድማ ሓዱሽ ሰብ ካብ ማእኸላይ ከሚቴ ክኸውን ኣለዎ እዮም ዝብሉ ይብል ፍልፍልና።

ወሲኹ’ድማ “ኣይኾነን እንኽዶ ዘለና መንገዲ ለውጢ ኣዕናዋይ እዩ” ኢሎም ዝከራኸሩ ኣባላት ማእኸላይ ኮሚቴ እውን ኣለዉ። ኣብዚ ኣይተ ኣማኑኤል ኣሰፋ፣ ዶ/ር ፍስሃ ሃፍተፅዮን፣ ኣይተ ተኽላይ ገብረመድሂን ይርከቡ፡፡ ከም ሳልሳይ ፍልፍልና በሓፈሻ ካብ ኣባላት ማእኸላይ ኮሚቴ ለውጢ ዝደልዩ እዮም ዝበዝሑ ካብ ለውጢ ዘይደልዩ፡፡

## ቅዋም ኣባላት ማእኸላይ ኮማንድ

ካብቶም ጠቅላላ ሸውዓተ ኣባላት ማእኸላይ ኮማንድ እቶም ሓሙሽተ ፈፃሚት ስራሕ ህወሓት፤ ኽልተ ሌተናል ጀነራላት፤ ሌተናል ጀነራል ፃድቃን ጥራሕ እዩ ለውጢ ዝደልን ዘድፍእን ብመሰረት ሓብሬታ ፍልፍላት ዩኤምዲ ሚዲያ፡፡

## ቅዋም ወታሃደራዊ መራሕተ

ብመሰረት ዋና ፍልፍል ዩኤምዲ ሚዲያ ካብ ወታሃደራዊ መራሕቲ ብዘይካ ሌተናል ጀነራል ታደሰ ወረደ (ወዲ ወረደ) ኩሎም ማለት ሜጀር ጀነራል ዮሃንስ ወልደጂዮርጊስ (ጆን መዲድ)፡ ብርጋዴር ጀነራል ምግበ ሃይለ፡ ብርጋዴር ጀነራል ተኽላይ ኣሸብር (ወዲ ኣሸብር)፡ ሜጀር ጀነራል ፍስሃ ኪዳኑ ( ፍስሃ ማንጁስ)፡ ብርጋዴር ጀነራል ሃይለስላሰ ግርማይ (ወዲ እምባይተይ)፡ ብርጋዴር ጀነራል ኣብርሃ ተስፋይ በርሀ (ድንኩል)፡ ብርጋዴር ጀነራል ጉዑሽ ገብረ፡ ኮሎኔል ተወልደ ገብረትንሳይ ደለይቲ ለውጢ እዮም፡፡

ሳልሳይ ፍልፍልናውን ኣብ ወታሃደራዊ ኣዘዝቲ ለውጢ ግድን እዩ ዝብል እምነት ዘለዎም ሜጀር ጀነራል ፍስሃ ኪዳኑ ( ፍስሃ ማንጁስ)፤ ሜጀር ጀነራል ዮሃንስ ወልደጂዮርጊስ (ጆን መዲድ)፡ ብርጋዴር ጀነራል ተኽላይ ኣሸብር (ወዲ ኣሸብር)፡ ብርጋዴር ጀነራል ምግበ ሃይለ ብዋናነት ዝጥቀሱ እዮም ኢሉና።

## መጠቃለሊ

እዚ ናይ ቅዋም ፀብፃብ ሎሚ ለካቲት 15 2015 ዓ።ም። ብመሰረት ዝርኸብናኦ ሓበሬታ እዩ፡፡ ዝተለወጠ ሓበሬታ ተረኺብና ንተመልከቲና ኽነፍልጥ ኢና፡፡ ኽም መጠቃለሊ ዩኤምዲ ሚድያ ዝሓተቶም ኽልተ ተንተንቲ ዝሃቡና ሓሳባት ነቅርበልኩም፡፡

ሓደ ባዓል ነዊሕ ልምዲ ተንታኒ እቶም ለውጢ ይደልዩ እዮም ዝባሃሉ ውልቀ ሰባት ወፂኦም ባዕሎም ንህዝቢ ቅዋሞም ክፍልጡ ኣለዎም ኣብ ዲሞክራሲያዊ ማእኸላዊነት ምሕባእ ኽተርፍ ኣለዎ ይብል፡፡ንምንታይ እዩ ባዕሉ ኣብቲ ምይይጥ ኣብቲ ቃልሲ ዝነበሩ እቶም መናእሰይ ምሁራት ዘየሳትፎም? ንምንታይ እዩ እቲ ኣኼባታት ባዕሉ ኣብ ዝትወስኑ ኣባላት ፖለቲካዊን ወታሃደራዊ መሪሕነት ጥራሀ ተሓፂሩ ዝካየድ ዘሎ? ኢሎም ይሓትት ምስ ለውጢ ናይ ፖለተኢካዊ ለውጢ ኣድላዩነት ኣታሓሒዙ፡፡

ብዛዕባ እቲ ምምዕርራይ ብኹሉ ሸነኽ እዩ ኽዝረብ ዝስማዕ ዘሎ፡፡ ብሓቂ እቲ ምምዕራይ ኣብ ዘረባ እዩ ዘሎ፡፡ ኣብ ተግባር ዝግበር ዘሎ ግን ዘይምምዕርራይ እዩ ይብል፡፡ ብዘረባ ጥራሕ ዝግበር ተኾይኑ ካብ ዝተለመደ ናይ ኔትወርክ ኣሰራርሓ ብሱሩ ተዘይተወፂኡ እቲ ለውጢ ዝብሓል ዝፀንሐ ኔትወርክ ብሓዱሽ ኔትወርክ ምትካእ ኾይኑ ኽይተርፍ እዩ ናይዚ ተንታኒ ስግኣት፡፡ ፀገማትና ኹሉ ኣብ ዝኾኑ ውልቀሰባትን ናይ ደገ ሓይሊን ጥራሕ ብምድፍዳፍ ዝሕለፍ ኣይኾነይ ይብል፡፡

መንእሰይ ተንታኒ ድማ እቲ ሕቶ እቶም ለውጢ ኣይድግፉን ዝብሃሉ ዘለዉ ኣባላት ፈፃሚት ኾኑ ኣባላት ማእኸላይ ኮሚቴ ህወሓት ‘ለውጢ እንድሕር ተገይሩ ኣነ ታይ እየ ክኾን? ኣብምንታይ እየ ኽዓልብ?’ ምስ ዝብል ምስ ዝተለመደ ጥቅሚ ዝተሓሓዝ ስግኣት ኣለዎም ይብል፡፡ ንቲ ዝድሎ ዘሎ ለውጢ ንኽሕግዙ ዝኾን መተባብዒ ወይም መለዓዓሊ ዝኾነ ነገር ኣሎ’ዶ የለን ኢሎም እዮም ዝሓስቡ፡፡ ለውጢ ምስ ህወሓት 51% ይሕዝ ድዩ ኣይሕዝን ምስ ዝብል ጥራሕ ክተኣሳሰር የብሉን ይብል እቲ ተንታኒ፡፡ ንኣብነት ንሓደ ሓደ ለውጢ ደለይቲ ወታሃደራዊ መራሕቲ ናይ ህወሓት 51% ሒዙ ምቅጻሉ ምስ ናይ ትግራይ ርግዓት ዝተኣሳሳር ገይሮም ወሲዶም ኽም ጠቃሚ  ነገር ክርእይዎ ይኽእሉ እዮም ይብል፡፡ ነቲ ተንታኒ እቱ ዓቢዪ ነጥቢ መራሕቲ ህወሓት ከተጣይሽዎ ዝደልዮ ዘሎ ናይ ትግራይ ግዚያዊ መንግስቲ ኣቢይ ኣሕመድ ኣብ ኢትዮጵያ ኽምዝገበሮ ባዕሉ ኽምድላዩ ዝውንኖ መንግስቲ ኣጣይሹ ንብርሃኑ ነጋን ንናይ ኣብን በለጠ ሞላ ብውልቆም ሓሪዩ ብ ካቢኒኡ ኽምዘእተዮም ዲዮም ን ኣብነት ነቶም 49% ካብ ዝተፈላለየ ቦታ ካብ ተቃወምቲ ሓዊሱ ብቢውልቆም ሓርዮም ኽምፅእዎም ወይስ ነቶም ካብ ህወሓት ወጻኢ ዘለዉ ፓርቲታት ኾነ ኻልኦት ባዕሎም መሪፆም ንፓርቲኦም ንውዳበኦም ዝውክሉ ሰባት ናብቲ ዝጣየሽ ጊዚያዊ መንግሥቲ ንኽሰዱ ክስማምኡ እዮም ዝብል ሕቶ እዩ፡፡ ኣብ ሞንጎ ኽልቲኦም ናይ ኣካይዳን ናይ ትርጉምን ገፊሕ ኣፈላላይ ኣሎ እዩ ይብል ተንታኒ፡፡

ብዛዕባ እዚ ፀብፃብ ሓንቲ ደላዩት ለውጢ ንዩኤምዲ ሚዲያ ኣብ ዝሃበቶ ሪኢቶ፡ “እቲ ኹነታት ተለዋዋጢ ምኳኑ፤ ናይ ሓበሬታት ሕፅረትን ፅርየትን ፀገማት ኣብ ግምት ኣእቲኻ ነቶም ዘይወሰኑ፤ ቅዋሞም ዘየፍለጡ ላንጋ ላንጋ ልኾኑ ንለውጢ ኽድግፉ ንቶም ከምዝነበርናዮ ንኺድ ባሃልቲ ሓሳቦም ቀዩሮም ንለውጢ ኽሰርሑ ኣብ ዓዲ ዘለዉ ይኹኑ ኣብ ዲያስፖራ ዘለዉ ተጋሩ ነቶም መራሕቶ እናደወለሎም እናረኽብዎም ፀቅጢ ኽገብረሎም ይግባእ” ኢላ፡፡

“ኣብ ትሕቲ ስምምዕነት ፕሪቶሪያ ኣዲስ አበባ ዘሎ ስርዓት ዝበሎም ነገር ንምስምዕማዕ ብዙህ ርሕቀት ዝኸዱ ኣመራርሓታት ምስ ብፆቶም ምስ መቃልስቶም ተስማሚያም ንህዝቦም ኽብሉ ትርጉም ዘለዎ ለውጢ ኽድግፉ ጥራሕ ዘይኾነስ ነቲ ለውጢ ኣብ ምምፃእ ኽሰርሑን ኣድላዪ ዝብሓል ነገር ኹሉ ኽገብሩ ኣለዎም“

## ጥብቆ 1 ቅዋም ኹሉም ኣባላት ፖለቲካዊን ወታሃደራዊን መራህቲ ብመሰረት ዋና ፍልፍል

1) **ቅዋም 5 ኣባላት ፖሊት ቢሮ (ፈጻሚት ስራሕ) ህወሓት ብመሰረት ዋና ፍልፍል ሓበሬታ ዩኤምዲ ሚዲያ ኣብ ለካቲት 14 2015 ዓ.ም. (ካብዞም ዝተረፉ 4 ኣባላት 1 ዝተሰወአ፤ 3 ዝተኣሰሩ እዮም)**

| | | |
|---|---|---|
| 1 | **ዶ/ር ደብረፅዮን ገብረሚካኤል**  | **በዘለናዮ ንኺድ (ህወሓት ብትዕብልሎ ብትመርሖ)** |
| 2 | ወ/ሮ ፈትለወርቅ ገብረእግዚኣብሄር  | በዘለናዮ ንኺድ (ህወሓት ብትዕብልሎ ብትመርሖ) |
| 3 | ኣይተ ጌታቸው ረዳ  | በዘለናዮ ንኺድ (ህወሓት ብትዕብልሎ ብትመርሖ) |
| 4 | ኣይተ ኣለም ገብረዋህድ  | በዘለናዮ ንኺድ (ህወሓት ብትዕብልሎ ብትመርሖ) |
| 5 | ኣይተ ጌታቸው ኣሰፋ  | በዘለናዮ ንኺድ (ህወሓት ብትዕብልሎ ብትመርሖ) |

2) ቅዋም 7 ኣባላት ማእኸላይ ኮማንድ ብመሰረት ዋና ፍልፍል ሓበሬታ ዩኤምዲ ሚዲያ ኣብ ለካቲት 14 2015 ዓ.ም.

| | | |
|---|---|---|
| **1** | **ዶ/ር ደብረፅዮን ገብረሚካኤል**  | **በዘለናዮ ንኺድ (ህወሓት ብትዕብልሎ ብትመርሖ)** |
| **2** | ወ/ሮ ፈትለወርቅ ገብረእግዚአብሄር  | በዘለናዮ ንኺድ (ህወሓት ብትዕብልሎ ብትመርሖ) |
| **3** | ኣይተ ጌታቸው ረዳ  | በዘለናዮ ንኺድ (ህወሓት ብትዕብልሎ ብትመርሖ) |
| **4** | ኣይተ ኣለም ገብረዋህድ  | በዘለናዮ ንኺድ (ህወሓት ብትዕብልሎ ብትመርሖ) |

| | | |
|---|---|---|
| 5 | ኣይተ ጌታቸው ኣሰፋ  | በዘለናዮ ንኺድ (ህወሓት ብትዕብልሎ ብትመርሖ) |
| 6 | ሌተናል ጀነራል ታደሰ ወረደ (ወዲ ወረደ)  | በዘለናዮ ንኺድ (ህወሓት ብትዕብልሎ ብትመርሖ) |
| 7 | ሌተናል ጀነራል  ፃድቃን ገብረትንሳኤ  | ደላዩ ለውጢ |

3) ቅዋም 9 ወታሃደራዊ ኣዘዝቲ ብመሰረት ዋና ፍልፍል ሓበሬታ ዩኤምዲ ሚዲያ ኣብ ለካቲት 14 2015 ዓ.ም.

| | | |
|---|---|---|
| 1 | ሌተናል ጀነራል ታደሰ ወረደ (ወዲ ወረደ)  | በዘለናዮ ንኺድ (ህወሓት ብትዕብልሎ ብትመርሖ) |
| 2 | ሜጀር ጀነራል ዮሃንስ ወልደጊዮርጊስ (ጆን መዲድ)  | ደላዩ ለውጢ |
| 3 | ብርጋዴር ጀነራል ምግበ ሃይለ  | ደላዩ ለውጢ |
| 4 | ብርጋዴር ጀነራል ተኽላይ ኣሸብር (ወዲ ኣሸብር)  | ደላዩ ለውጢ |
| 5 | ሜጀር ጀነራል ፍስሃ ኪዳኑ ( ፍስሃ ማንጁስ)  | ደላዩ ለውጢ |
| | | |
| | | |

| | | |
|---|---|---|
| 6 | ብርጋዴር ጀነራል ሃይለስላሰ ግርማይ (ወዲ እምበይተይ)<br> | ደላዩ ለውጢ |
| 7 | ብርጋዴር ጀነራል ኣብርሃ ተስፋይ በርሀ (ድንኩል)<br> | ደላዩ ለውጢ |
| 8 | ብርጋዴር ጀነራል ጕዑሽ ገብረ<br> | ደላዩ ለውጢ |
| 9 | ኮሎኔል ተወልደ  ገብረትንሳይ | ደላዩ ለውጢ |

**4) ቅዋም 35 ኣባላት ማእኸላይ ኮሚቴ ህወሓት ብመሰረት ዋና ፍልፍል ሓበሬታ ዩኤምዲ ሚዲያ ኣብ ለካቲት 14 2015 ዓ.ም. (እቶም 5 ኣባላት ፈፃሚት ኣባላይ ማእኸላይ ኮሚቴውን ዝለዝኾኑ ኣብዚ ኣይተደገሙይ፡፡ ዝተረፉ ኣባላት ማእኸላይ ኮሚቴ ወይ ዝተሰዉኡ፤ ዝተኣሰሩ ወይ ኣብ ወፃኢ ዘለዉ እዮም)**

| | | |
|---|---|---|
| **1** | ኣይተ በየነ ምክሩ  | ደላዩ ለውጢ |
| **2** | ወ/ሮ ዘነበች ፍስሓ  | ደላይት ለውጢ |
| **3** | ኣይተ ብርሃነ ገብረየሱስ  | ደላዩ ለውጢ |
| **4** | ዶ/ር ኣትንኩት መዝገቡ  | ደላዩ ለውጢ |
| | | |

| | | |
|---|---|---|
| 5 | ኣይተ ነጋ ኣሰፋ  | ደላዩ ለውጢ |
| 6 | ዶ/ር ኢያሱ ኣብርሃ  | ደላዩ ለውጢ |
| 7 | ኣይተ ኣማኑኤል ኣሰፋ  | ደላዩ ለውጢ |
| 8 | ዶ/ር ኣማኑኤል ሃይሌ  | ደላዩ ለውጢ |
| 9 | ወ/ሮ ሰብለ ካሕሳይ  | ደላዩ ለውጢ |

| | | |
|---|---|---|
| 10 | ኣይተ ሃፍተኪሮስ ገብረማርያም  | ደላዩ ለውጢ |
| 11 | ኣይተ ሩፋኤል ሽፋረ  | ደላዩ ለውጢ |
| 12 | ዶ/ር ኪሮስ ጉዑሽ  | ደላዩ ለውጢ |
| 13 | ኢንጂነር ኣርኣያ ግርማይ  | ደላዩ ለውጢ |
| | | |

| | | |
|---|---|---|
| 14 | ኣይተ ሰለሞን መዓሾ  | ደላዩ ለውጢ |
| 15 | ኣይተ ኢሳይያስ ታደሰ  | ደላዩ ለውጢ |
| 16 | ፕሮፌሰር ክንደርያ ገብረሂወት  | በዘለናዮ ንኺድ (ህወሓት ብትዕብልሎ ብትመርሖ) |
| 17 | ዶ/ር ሓጎስ ጎደፋይ  | በዘለናዮ ንኺድ (ህወሓት ብትዕብልሎ ብትመርሖ) |
| 18 | ዶ/ር ገብረሂወት ገብረእግዚኣብሄር  | በዘለናዮ ንኺድ (ህወሓት ብትዕብልሎ ብትመርሖ) |
| | | |

| | | |
|---|---|---|
| 19 | ዶ/ር ኢንጂነር ገብረመስቀል ካሕሳይ  | በዘለናዮ ንኺድ (ህወሓት ብትዕብልሎ ብትመርሖ) |
| 20 | ዶ/ር ፍስሃ ሃፍተጽዮን  | በዘለናዮ ንኺድ (ህወሓት ብትዕብልሎ ብትመርሖ) |
| 21 | ኣይተ ረዳኢ ሓለፎም  | በዘለናዮ ንኺድ (ህወሓት ብትዕብልሎ ብትመርሖ) |
| 22 | ኣይተ ሓዱሽ ዘነበ  | በዘለናዮ ንኺድ (ህወሓት ብትዕብልሎ ብትመርሖ) |
| 23 | ኣይተ ተወልደ ገብረጻድቃን  | በዘለናዮ ንኺድ (ህወሓት ብትዕብልሎ ብትመርሖ) |

| | | |
|---|---|---|
| 24 | ኣይተ ኢያሱ ተስፋይ  | በዘለናዮ ንኺድ (ህወሓት ብትዕብልሎ ብትመርሖ) |
| 25 | ኣይተ ካልኣዩ ገብረሂወት  | በዘለናዮ ንኺድ (ህወሓት ብትዕብልሎ ብትመርሖ) |
| 26 | ወ/ሮ ያለም ፀጋይ  | በዘለናዮ ንኺድ (ህወሓት ብትዕብልሎ ብትመርሖ) |
| 27 | ወ/ሮ ሊያ ካሳ  | በዘለናዮ ንኺድ (ህወሓት ብትዕብልሎ ብትመርሖ) |
| | | |

| | | |
|---|---|---|
| 28 | ወ/ሪት ኣልማዝ ገብረፃዲቅ  | በዘለናዮ ንኺድ (ህወሓት ብትዕብልሎ ብትመርሐ) |
| 29 | ወ/ሮ ገነት ኣረፈ  | በዘለናዮ ንኺድ (ህወሓት ብትዕብልሎ ብትመርሐ) |
| 30 | ወ/ሮ ብርኽቲ ገብረመድሂን  | በዘለናዮ ንኺድ (ህወሓት ብትዕብልሎ ብትመርሐ) |
| 31 | ኣይተ ተኽላይ ገብረመድሂን  | በዘለናዮ ንኺድ (ህወሓት ብትዕብልሎ ብትመርሐ) |
| 32 | ኣይተ ሺሻይ መረሳ  | በዘለናዮ ንኺድ (ህወሓት ብትዕብልሎ ብትመርሐ) |

| | | |
|---|---|---|
| **33** | ኣይተ ተኽኤ ምትኩ<br> | በዘለናዮ ንኺድ (ህወሓት ብትዕብልሎ ብትመርሖ) |
| **34** | ወ/ሮ ለምለም ሓድጉ<br> | ቅዋመን ኣይፍለጥን |
| **35** | ኣይተ  ይትባረክ ኣምሃ<br> | ቅዋሞም ኣይፍለጥን |
| | | |